# ምሕጽንታ ንኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ኔዘርላንድስ

ዝኽበርኩም ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ኣብ ኔዘርላንድስ፦

ብቐዳምነት ዝዓዘዘ ልባዊ ሰላምታይ ተቐበሉ፦

ስመይን ኣድራሻይን ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ሓውኹም፡ ንገለ ኣዋርሕ ዝቕጽል ኣካዳምያዊ ምርምር ንምክያድ፡ ኣብ ቲልቡርኽ ዩኒቨርስቲ (Tilburg University) ናይ ሃገረ ሆላንድ ኣብ ዝርከብ፡ ኢንተርቪክት (INTERVICT) ዝተበሃለ ናይ ምርምር ትካል ይርከብ ኣለኹ። ዘካይዶ ዘለኹ ምርምር፡ ኣብ ኔዘርላንድስ ናይ ዝርከቡ ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ (asylum seekers) መሰል ዝምልከት ኢዩ። ካብ 2002 ጀሚሩ ናብ ኔዘርላንድስ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ፡ ኣብ ኤርትራ እንከለዉ፣ ንስደት ኢሎም ካብ ኤርትራ ኣብ ዝተገበስሉ ግዜ፣ ከምኡ 'ውን ኣብ ኔዘርላንድስ ምስ በጽሑ፣ ንዘጋጥሞም ገለ-ገለ ጸገማት፡ ብፍላይ ከኣ ናይ መሰልን ግዳይነትን (ግዳይ ናይ ምኳን) ሕቶታትን ካልእ ተዛማዲ ነጥብታትን ንምፍታሽ ዝዓለመ ምርምር ኢዩ።

ነዚ ምርምር'ዚ ዝሕግዝ ሓበሬታ፡ ብቐንዱ ካብ ኤርትራውያን ሓተትቲ ዑቕባ ኢዩ ዝርከብ። እቲ ቀንዲ ሓበሬታ ዝርከበሉ ኣገባብ ከኣ ምስ ዝተፈላለዩ ሓተትቲ ዑቕባ ዝግበር ዝርዝራዊ ቃለ-መጠይቕ ኢዩ። ንኸምዚ ዝኣመሰለ ቃለ-መጠይቕ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ኤርትራውያን ይደሊ ስለ ዘለኹ፡ ኣብዚ መዳይ'ዚ ምትሕብባርኩም ብትሕትና እንዳሓተትኩ፡ ነዚ መልእኽቲ'ዚ ኣብ ምዝርጋሕ 'ውን ክትተሓጋገዙኒ እምሕጸን። ንቓለ-መጠይቕ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ኣሓዋት ወይ ከኣ ኣሓት፡ በዚ ኣብ ታሕቲ ተገሊጹ ዘሎ ቁጽሪ ስልክን ናይ ኢመይል ኣድራሻን ክረኽቡኒ ከም ዝኽእሉ አዘኻኽር።

እዚ ዘካይዶ ዘለኹ ምርምር፡ ውጹእ ኣካዳምያዊ መጽናዕቲ ኮይኑ፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ሃይማኖታዊ፣ ብሄራዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ውድባዊ ወይ ካልእ ጸገዕታት ናጻ ከም ዝኾነ ከዘኻኽር እደሊ። ተሳተፍቲ ቃለ-መጠይቕ ኣብዚ መጽናዕቲ ክሳተፉን ዘይክሳተፉን ኣብ ወለንታዊ ፍቓዶም ዝምርኮስ ኮይኑ፡ ዝህብዎ ሓበሬታ ብጽኑዕ ምስጢር ክተሓዘሎም ምስ ዝደልዩ ድማ ምሉእ ውሕስነት ከም ዘሎ ክጠቅስ እደሊ። ብዛዕባ'ዚ ዘካይዶ ዘለኹ ምርምር ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዘድሊ፡ ኣብ ዝኾነ ግዜ ከህብ ዝኽእል ምኳነይ 'ውን ከዘኻኽር እፈቱ። ዝርከበሉ ቁጽሪ ስልክን ናይ ኢመይል ኣድራሻን ከምዚ ዝስዕብ ኢዩ፦

ቁጽሪ ስልኪ፦ 00 31 61 22 02 44 6
ናይ ኢመይል ኣድራሻ፦ danielrezene@gmail.com

ንእትገብሩለይ ምትሕብባር ኣቐዲመ አመስግን።

ሓውኹም ዶ/ር ዳንኤል ረዘነ